## ሬድዮ መልእኽቲ

ክልልና ሽቶታት ሞት ኣዴታትን ህፃናትን ኣብ ምቕናስ ዘዐወቶቶም ምሽጥሩ ተወዲብና ትኹረት ሂብና ብምስራሕና እዩ፤ ይኹን እምበር ሞት ሓናጡ ትሕቲ ሓደ ወርሒ ዘይተዓወተን ሐዝውን ቡዙሓት ሓናጡ ይሞቱ ኣለዉ። እዙይ ፀገም ዓለም ለኻዊ ብምዃን ውድብ ጥዕና ዓለም ምስ ኢትዮጵያን ህንድን ሃገራት ሰፊሕ ትግበራ መፅናዒቲ ክንክን ሕቍፊ ጉለ ወይ ጓጓ ሕንጦ ብዕውት ከይዲ ይካየድ ኣሎ።

ክንክን ሕቍፎ ንኹሎም ህፃናት ዝረብሕ እኳ እንተኾነ ብፍላይ ክብደቶም ትሕት 2000ግራም ማለት ኣብ መኹባዕቲ ኢድና ወዲ ሰብ ክታሓዙ ዝኽእሉ ኣዝዮም ደቀቕቲ ሓደሽቲ ውልዶ እዮም። ኣብ ዓይደር ረፈራል ሆስፒታል 640ግራም ጥራሕ ክብደቱ ዝተወለደ ጥቡቕ ክትትል ብምግባር ክዓቢ ኣኽእሎም እዮም። እዙይ ትግበራ መፅናዒቲ ክንክን ሕቍፊ ጉለ ወይ ጓጓ ሕንጦ ኣብ መፅናዒቲ ቦታ ካብ ዝጅመር ትሕቲ 2000ግራም ኮይኖም ዝተወለዱ ክንክን ሕቍፊ ጉለ ሕንጦ ካብ ዝጀመሩ 344 ካብ ሞት ዝዳሓኑ 338 (ብሚኢታዊ 98.36%) እዮም።

### ትሑት ክብደት ዘጋጥሞም ሓናጡ፤

- ✓ ካብ ትሻዓተ ኣዋርሕ ንታሕቲ ማለት ኣብ ዘይዕድሚኦም ዝተወለዱ፣
- ✓ ኣዴታት ብሰንኪ ዝተፈላለየ ፀገም ጥዕናን ዘይምዑሩይ ኣመጋግባን ካልኦትን እዮም።

### ምክልኻሉ

- ✓ ኣዴታት ምጥናሰን ካብ ዝተጠራጠራሉ እዋን ጀሚረን ክትትል ጥንሲ ምጅማር፣
- ✓ ብሰብ ሞያ ጥዕናን ኣብ ትካል ጥዕናን ምውላድ
- ✓ ብጥንቃቄን ሽኻል ተኸትልካ ኩሎም ሓደሽቲ ውልዶ ሓናጡ ምምዛንን ምምሕድርን ቀንዲ እዮም።

ትሕቲ 2000ግራም ኮይኑ ዝተወለደ እሞ ካሊእ ጥዕና ኩነታቱ ኣዕጋቢ እንተኾይኑ ማለት ንቡር እስትንፋስ፣ ንቡር ሙቐት፣ ፀባ ጡብ ኣደ ዝጠቡው፣ ምልክት ምንፍርፋር ዘይብሉ፣ ንቡር ምውስዋስ ዝገብር፤

- ✓ ንወለድን ስድራን ሓዱሽ ውልዶ ሕንጦ ካብ ንቡር ክኾኖ ዝግበኦ ክብደቱ ንታሕቲ ምዃኑ ኣካል ሕማም ምዃኑ ምኽሪ ብምሃብ ፍቓደኛ ክኾኑ ምስተገበረ
- ✓ ናብ ክንክን ሓናጡ ክፍሊ ክድቅስ ምግባር።

### ሕክምንኡ ወይ ክንክኑ

መጀመርያ ትሕቲ ሰለስተ መዓልቲታት ኣደን ካሊእ ሰብን ንቶም ክንክናት የትግብርዎም እዮም ተባሂሉ ምስ ተኣመነሎምን ጥዕና ሕንጦ ብሓኪም ምስ ተረጋገፀን ኣብ ገዛ ብሓገዝ ጥሙር ጥዕና ክቕፅል ይግበር።

ፍሉይ ዝገብሮ ኣብ ወላዲትን ካሊእ ኣካል ሰብን ዝርከብን ምንም ዋጋ ዘይሓትትን ክንክን ሕክምና እዩ።

- ✓ ንሓዱሽ ውልዶ ሕንጦ እናተባረዩ ኣደ ወይ ካሊእ ሰብ ኣብ ቍርበቶም ክሓቁፎ ን24 ሰዓታት ምግባር
- ✓ ፃባ ጡብ ኣደ ኣብ ሓንቲ ጡብ ኣብ ሓደ እዋን ን20 ደቓይቕ እናፅነሐት ካብ'ቲ ሓደ ጡብ ናብ'ቲ ካሊእ ጡብ ብምቅይያር ንልዕሊ 24 ግዘታት ምጥባብ እዩ።

እዙይ ብሙሉእ ንኽዕወት ሓገዝ ስድራ ቤት ኣዝዩ ወሳኒ እዩ።

**ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ክልል ትግራይን መቐለ ዩኒቨርስቲ ኮሎጅ ጥዕና ሳይነስን ብምትሕብባር ምስ ውድብ ጥዕና ዓለም**

**ጉንበት 2010ዓ.ም**